# ንድፊ

## ህዝባዊ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን መሪላንድ ቪርጂንያ

ኣብዚ ጽንኩር ህሞት፣ ውልቀ ምልካዊ መራሒ ህግደፍ ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ዘይግሉጻት ውዑላት ብምእታው ንኤርትራዊ ልዑላውነት ይፈታተን ኣብ ዘለወሉ እዋን፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን፣ ከም ሓደ ኣካል ብስሙርን ስጡምን ህዝባዊ ቃልሲ ሃገራዊ ልዑላውነቶም ብምዕቃብ፣ ሃገሮምን ህዝቦምን ከድሕኑን፣ ናይ መላእ ዜጋታት ኤርትራ ሓርነት ፍትሕን ከረጋግጹን፣ ሃገርና ኤርትራ ንኹልና ደቃ ትጽዋዓና ኣላ። እዚ እዋናዊ ሃገራዊ ስራሕ ዝድርኽ ህልው ኩነታት፣ ጥምረት ህዝብናን ሕውየትን ዘድልዮ ምዃኑን፣ ከም ሓደ ምዕቡል ህዝቢ ብሃገራዊ ሕቶታት ንኽንላዘብ ዕድል ዝፈጥር ኮይኑ፣ ድሕነት ሃገር ክነውሕስን ክንከታተልን ክንግምግምን ኣድላዪ እዩ።

### ዕላማ

ብመሪር ቃልስን ከቢድ መስዋእትን ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ብምዕቃብ፣ ምልካዊ ጭኮናን ምልካዊ መግዛእትን ምውጋድን፣ ህዝቢ ዝውንኖን ዝቅልሶን ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምህናጽን።

### ራኢ

ፍረ ከቢድ መስዋእትን መሪር ቃልስን ዝኾነት ኤርትራ ልዑላውነታ ተዓቂቡ፣ ዲሞክራስን ሓርነትን ሰብኣውን ሲቪላውን መሰላትን ተረጋጊጹ፣ ፍትሕን ስርዓተ-ሕጊን ነጊሱ፣ ሰላምን ስኒትን ሰፊኑ፣ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ራህዋን ስሉጥ ምዕባለን ክምርሑ ምኽኣል እዩ።

### ተልእኾ

ጥዕና ዘለዎ፣ ናይ ምርድዳእ መንፈስን ተጻዋርነትን ዝዓሰሎ ኣብ ሓርነት ዜጋታትን ሕብረተሰብን፣ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ሰረት ዝገበረ ጥርናፈ ኤርትራውያን ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኡን ብምውሓስ፣ ምስ ዘባናን ዓለምን ምስማር። ብሱል ናይ ዓወት ስትራተጂን፣ ኣድማዒ ስጡም ህዝባዊ ሓይሊን ብምፍጣር፣ ምልካዊ ስርዓት ምውጋድን ስሉጥን ጽፉፍን ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ምርግጋጽ።

### ሸቶታት

1. ካብ ኩሎም ንድሕነት ልዑላውነትን ፍትሕን ሓርነትን ዝቃልሱ ኤርትራውያን ካብ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ዝቐመ፣ ብውድባትን ሰልፍታትን መንግስታትን ዘይምእዘዝ፣ ብሕጋዊ መንገዲ ናይ ምርድዳእን ምትሕብባርን መንፈስ ዝሰርሕ፣ ዓበይቲ ዓዲ ኣቦታት፣ ኣዴታት፣መንእሰያት፣ ምሁራት፣ምኩራትን ተቓለስቲ/ተጋደልቲ ዝሓቖፈ ህዝባዊ ባይቶ ምቛም።
2. ኩሎም ተቓለስቲ ንፍትሒን ልዑላውነትን ኣብ ህዝባዊ ቃልሲ ምስማርን፣ ንህዝባዊ ቃልሲ ክሃንጽዎን ከማዕብልዎን ብዕቱብ ምስራሕ። ህዝባዊ ቃልስና ዲሞክራስያዊ መስርሕ ዝኽተልን፣ ህዝባዊ ዋንነትን ንጡፍ ተሳትፎን ከረጋግጽ ምስራሕ፣
3. ሰላምን ፍትሕን ቅሳነትን ንምዕዋት፣ ዕርቅን ስኒትን ተግባርን መሰረት ዝገበረ፣ ተቐባልነት ህዝቢ ዘለዎ ኣሰራርሓን ምርግጋጽ፣

4. ደገፍትን ተቓወምትን እናተባህለ ተፈጢሩ ዘሎ ዘይንቡር ሃዋሁ፣ ብፍቕርን ስኒትን ቅሳነትን ኩሎም ንልዑላውነትን ፍትሕን ዝገደሱ ዜጋታት ኤርትራ ንምትካእ ምቅላስ፣
5. ናይ መንግስትን፣ ፖለቲካዊ ውድባትን ሓይልታትን መሰርሒ ክኸውን ዘየፍቅድ፣
6. ኣብ መንጎ ህግደፍን ኢትዮጲያን ተኸቲሞም ዝበሃሉ ዉዑላት፣ ሕጊ ኣልቦ፣ ውክልና ህዝብና ዘየካተቱ፣ የዕነውቲ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ምዃኖም ንህዝብናን ዓለምን ምብራህ፣
7. ሃገራዊ ጉዳያትን ብድሆታታን ብብቑዕ መንገዲ ምግጣምን፣ ንሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ሃገራዊን ህዝባዊን ልዑላውነት ናይ ዜጋታት ሓርነትን ከውሕሱ ምትብባዕ፣
8. ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ዓንዲ ሕቖ ሕብረተሰብና ከም ምዃነን መጠን፣ ኣብ ምድሓን ሃገርን ህዝብን ግቡእ በተአን ምሃብን፣ መሪሕ ግደ ከበርክታ ምኽኣልን፣
9. ንጡፍን ኣድማዕን ህዝባዊ ዲምፐሎማሲን ናይ ርክባት መስኖታትን ምምዕባልን፣ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ኩሉ ዓውድታትን፣ ዓለምለኻውን መድረኻትን ንምስዓር ጻዕርታት ምክያድ፣
10. ጽዑቕ ናይ ሚድያን ስሉጥ ናይ መራኸቢ ተክኖሎጂ ብምዝውታር፣ ዲሞክራስያውን ስነምግባራዊ/ሲቪካዊን ብቕዓታት ዜጋታት ምህናጽ፣ ውዲታትን ሽርሕታትን ህግደፍን፣ ውልቀመላኺ ዘተባበዖም ኢትዮጲያውያንን ምብዳህን ምስዓርን፣
11. ሓድነት ህዝብና ኣብ ብዙሕነትና ዝተመርኮሰ ኮይኑ፣ ብዙሕነትና ንሓድነትና ዝሃንጽን ዘደልድልን ክኸውን ብዕቱብ ምስራሕ፣

**ህንጻ ህዝባዊ ባይቶ**

ዕላማን ራእን ተልእኾን ህዝባዊ ባይቶ ንምዕዋት ዘኽእል ህንጻ በዞም ዝስዕቡ መተከላት ይልለ፦

1**).ዲሞክራስያዊ ኣሰራርሓ፦** ውሳኔታት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብን ብግሉጽነትን ይጸድቑ፣

2) **ተሓታትነት** ፦ ናይ ስራሕ ኣፈጻጽማን ውጽኢታቱን ተሓታትነት ዘነጸረ ይኸውን፣ ኣካየድቲ ባይቶ ብሓላፍነት ተሓተቲ ዝኾኑሉ፣

3) **ሕድሕዱ ዝቆጻጸርን** ናይ ምግምጋም መስርሓት ዘለዎ፣

4) **ተዓጻጻፊ/ዳይናሚክ**፣ መደባቱ ንምዕዋት ኣድማዕን ጽፉፍን ኣገባብ ዝጥቀም ይኸውን፣

**5) ኣካየድቲ ባይቶ ዝህልዎም ጠባይ፦** ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ዘቐድሙ፣ ትሑታት፣ ቅኑዓት፣ ለባማት ክኾኑ። ነዚ ንምርግጋጽ ዲሞክራስያውን ጽፉፍን ምርጫ ይካየድ።

**ቅርጻ ህዝባዊ ባይቶ**

1) ኣብ ስኒትን ምትሕብባርን ዝተመርኮሰ፣
2) ንተባላሓትነትን ተበግሶታትን ዕድል ዝህብ፣
3) ናይ ስራሕ ኣሃዱታትን ጋንታትን ብምፍጣር፣ ሓባራዊ ጻዕሪ ዝጥቀም፣

4) ናይ ስልጣን ውድድርን፣ ብሕታዊ ይኹን ጉጅላዊ ስልጣን ንምጥጣሕ ቦታ ዘይህብ፣ ምሉእ ኣገልግሎት ህዝቢ ዘውሕስ መዋቕር ይህልዎ።

**ኣባልነት**

1. ኩሉ ዕላማን ራኢን ተልእኾን ህዝባዊ ባይቶ ዝትቐበለ ዓቕሚ ኣዳም/ሂዋን ዝበጸሐ ኤርትራዊ/ት ኣባል ህዝባዊ ባይቶ ይኸውን/ትኸውን፣

2. ኩሎም ኣባላት ብህዝባዊ ባይቶ ዝጸደቐ መደባት ናይ ምትግባር ግቡእ ኣለዎም፣
3. ኣካየድትን ተቖጻጸርትን ካብ ናይ ረብሓ ግርጭት ነጻ ይኾኑ፣
4. ኣካየድትን ተቖጻጸርትን ብብቕዓቶምን ክእለቶምን ቅሩብነቶምን ህዝቦም ንምግልጋል ቅሩባት ንክኾኑ ህዝባዊ ባይቶ መለለይታት የጽድቕ።




**ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ ባይቶ**
**ዋሽንግተን ዲሲ መሪላንድ ቪርጂንያ**
**25 መጋቢት 2019**

**Email:  erihbaitodmv@googlegroups.com**